ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ
ቤ/ጽ ኣቦ-መንበር

جبهة التحرير الإرترية
المجلس الثوري
مكتب الرئيس

ERITREAN LIBERATION FRONT/ ELF-RC
CHAIRMAN OFFICE

22 ጥቅምቲ 2002

ናብ ዝኸበርካ ሓው ያሲን መሓመድ ዓብደላ
ሰክረቴር 5ይ ስሩዕ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ምሕዝነት።

ናይ ቃልሲ ሰላምታ፣

ትማሊ፣ 21 ጥቅምቲ 2002፣ ሰዓት 19፥20 ንምርጫ ጠቕላል ሰክረቴርን ኣቦ መንበር ላዕለዋይ መሪሕነትን ናይ ኤርትራዊ ሃገራዊ ምሕዝነት ኣብ ዝተዳለወ ኣኼባ፣ ንመርገጽና ኣብሪህናን ኣመዝጊብናን ምስሓብና እተፈልጠ እዩ። ካብቲ ኣኼባ እተመዘዘ ሽማግለ ኝኽዘራርበና ተላኢኹ ምንባሩ ድማ ሓበሬታኡ ድሒሩ ከምዝበጽሓና አረጋግጸልካ።

ምኽንያት መስሓቢና ብቓል ዘብራህናዮ'ኳ እንተኾነ፣ ብጽሑፍ ደጊምና ንምርግጋጹ ዝኣክል፣

1. ኣብ ውሽጣዊ ጒዳያትና ብጠቕላላ፣ ኣብ ጒዳይ ምሕጻይን ምምራጽን መራሕትና ከኣ ብፍላይ፣ ናይ ደጋዊ ኢድ ምትእትታው፣ ብመትከል ዘይንቕበሎ ምዃንና፣ ብደጋዊ ሓይልታት ተደጊፉ ንዘሎ ኣቶ ሕሩይ ተድላ ክንመርጽ ኢና ተባሂሉ ብዝተሓበረና ኸኣ፣ እዚ ተርእዮ እዚ፣ ንፌደልን መንፈስን ቻርተር ዝግሃሰ፣ ንናጻ ፖሊቲካዊ ውሳኔ ምሕዝነት ንሓደጋ ዘሳጥሐን ምዃኑ ስለ ዝመዘንና፣
2. ነባራት ኣባላት ምሕዝነት እንከለዉ፣ ሕጂ-ሕጂ ኣባልነቱ ዝተቐበልናዮ ኣካል ክመርሕ ግቡእ ኣይኮነን፣ ብቕዓት ከኣ የብሉን ኢልና ስለ ዝኣመንናን፣

ዝወሰድናዮ ስጒምቲ ምዃኑ ደጊምና ነረጋግጽ። ኮይኑ ግን፣ ካብ'ቶም ነባራት ኣባላት ንምሕዝነት ክመርሑን፣ ፌደልን መንፈስን ቻርተር ምሕዝነት ኝኽሕሎን ብኡ ምእዙዛት ምዃንናን፣ ኣባልነትና ህያው ምዃኑን ነፍልጥ።

ምስ ሰናይ ትምኒት

ሥዩም ዑቕባሚካኤል
ኣቦ-መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ